# ፩ይ ሰንበት ዘአስተርእዮ

## 17 ጥሪ 2018 ዓ.ም. (1/25/2026)

### ንኢየሱስን ማርያም ዓዲምካ ምኽአል!

**መዝሙር፡** ሖረ ኢየሱስ በትፍሥሕት ውስተ ከብካብ...ኢየሱስ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ተኣምራትን ድንቂ ነገራትን እናገበረ ናብ መርዓ ተሓጉሱ ከደ፥ ክብሩ ነርድእቱ ገለጸ ንሳቶም ከአ ብኡኡ ኣመኑ፥ ከምዚ ኸአ በሎም ማይ ቅድሑሞ ነዘን ኣጋንእ ኣፍ ንአፍን ምልእወን በሎም፥ በቲ ብኣምላኽ ዝተዋህበ በረኸት እቲ ኣቦ ዳስ ኣድነቐ ወዲ ኣምላኽ ተሰፉናን በጃናን ኮነ፥ ካባና ሥዉር እንከሎ ነቲ ማይ ናብ ወይኒ ለወጦ በዚ መለኮቱ ገለጸ።

**ንባባት፡** ዕብ 2፡1-12፥ ፩ዮሓ 5፡1-13፥ ግ.ሓ. 10፡34-39፥ ዮሓ 2፡1-14።

**ምስባክ፡** እስመ መምህረ ሕግ ይሁብ በረከተ ወየሖውር እምኃይል ውስተ ኃይል ወያስተርኢ ኣምላከ ኣማልክት በጽዮን። መዝ. 84፡6-7።

ካብ ጥሪ 11-30 ዘሎ እዋን ዘአስተርእዮ ተባሂሉ ይፍለጥ፥ እዚ ኸአ ነቲ ኢየሱስ ድሕሪ ጥምቀቱ እናዞረ መለኮቱ ዝገለጸሉ፥ ዝገበሮ ተኣምራታትን ትምህርትን፥ ንምግላጽ እዩ። ኣስተርአየ ተገልጸ ማለት እዩ ብቋንቋ ግሪኽ ኤጲፋንያ ይብሃል። ኣብዚ እዋን ዝተፈላለዩ መዛሙር ይዝመሩ ኣንሰሰወ፥ ኣስተርእዮ፥ ተወልደ፥ ተጠምቀ፥ ከብካብ፥ ማይ፥ መርዓዊ ዝብሉ ይርከብዎም።

ካብ ልደት ጀሚርና ክሳብ እዚ እዋን ዘሎናዮ ኣምላኽ ብዝተፈላለየ መገዲ ብኢየሱስ ገሩ ንርእሱ ከም ዝገለጸ ንርኢ።

**፩ያ** ኢየሱስ ምስ ተወልደ ከም ሓደ ስደተኛን ድኻን ሰብ ኣብ መብልዕ ማል ክግለጽ እንከሎ ኣምላኽ ምስ ድኻታት ጽጉማትን እቶም ብሰብ ፍንፉናትን ኮይኖም ዝርአዩ ሓድነቱ ገሊጹ፥ እቶም መጀመርያ ብስራት ልደት ዝሰምዑ ጓሶት ድኻታት ብሕብረተሰብ ብዝተሓተ ዝርአዩ እዮም ነሮም። ንሳቶም ንእምላኾም ኣለልዮሞ ብምሉእ ልቦም ብሓጎስ ኣምሊኾሞ፥ እዚ ቀዳማይ ግልጸት ይብሃል።

**፪ይ** ኣምላኽ ንወጻእተኛታት ኣረመን ዝሕሰቡ ንዘይደቂ ዓዲ፥ ካልእ እምነት ዝኽተሉ ወይ እውን ሃይማኖት ዘይብሎም ካብ ርሑቕ ክፍሊ ዓለም ንዝመጹ ተገሊጹ። እዚ ነቶም ሰብአ ሰገል ዝኾነ ግልጸት እዩ፥ በዚ ኸአ ኣምላኽ ዘየፍቅሮ ሰብ ከምዘየሎ ገሊጹልና። ኩልና ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ዕዱማት ኢና። ኣምላኽ ዘየፍቅሮ ሰብ የለን።

**፫ይ** ኢየሱስ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ክጥመቕ እንከሎ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊኡ ክወርድ እንከሎ ምስተራእየ ሽው ኣምላኽ ተገሊጹ እዚ እቲ ዘፍቅሮ ወደይ እዩ ስምዕዎ ዝብል ተሰምዐ። ንኢየሱስ ምስማዕ ማለት ንኣምላኽ ምስማዕ እዩ።

**፬ይ** ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ከም እነንብቦ ኢየሱስ ኣብ ቃና ዘገሊላ ኣብ መርዓ ዝገበሮ መጀመርያ ተኣምራት መን ምዃኑ ገሊጹ ይብለና።

ኣብ ዘመን ኣስተርእዮ እንዕዘቦ ኣምላኽ ከም ዝግለጽ እዚ ግልጸት ግና ቀስ ብቐስ ከምዝተፈጸመ ክንርእዮ ክንቅበሎ ዝሕግዘና ተግባር ከምዝኾነ ንርኢ። ሎሚ እውን ይግለጽ እዩ ምርአይ ምእማን የድሊ። ኣብ መንጎና ዓበይቲ ተኣምራታት ይገብር ኣሎ ስለዚ ርኢና ንኽአል።

ኣብ ዝተነበ ካብ ዮሓንስ ወንጌል ኣተኲርና እንተ ረኣና ኢየሱስን ማርያም ኣዲኡን ሓዋርያቱን ኣብ መርዓ ናይ ሓደ ዘመድ/ዓርኮም ከምዝተዓደሙ ይነግረና (ገለ እቲ መርዓ ናይ ስምኦን ብዓል ቃና ሓደ ካብቶም 12 እዩ ነሩ ዝብሉ ኣለዉ ሓቅነቱ ግን መረጋገጺ የብሉን)። ሰብ መርዓ ዕዉታት እዮም ንኢየሱስ ምሰዲኡ ዝዓደምዎ፥ ኣምላኽ ኣብ ቃል ኪዳንካ፥ ኣብ ክህነትካ፥ ኣብ መብጽዓኻ ምሳኻ ክውዕል እንከሎ ዝጎድል የለን በዚ እዩ ኣብ ኩሉ ሕይወትና ንኢየሱስን ኣዲኡን ክንዕድም እንከሎና ልዕሊ ኹሉ ከኣ ኣብ ጽንኩር እዋን ዓቢ ለውጥን ዘሕጉስ ነገር ክመጽኣና ዝኽእል።

ኣብዚ ወንጌል ብዙሕ ክንርእዮ ወይ ክንፈልጦ ዘሎና ምልክታት ወይ ነገራት እዩ ዝጥቀስ፤ ዮሓንስ ወንጌላዊ ድሕሪ መባእታ/መቕድም ምሃብ ኣብ ወንጌሉ እዚ ተኣምራት ድሕሪ ሓደ ሶምን ሸውዓተ መዓልቲ ከም ዝተፈጸመ እዩ ዝነግር። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ እግዚኣብሔር ዓለም ምስ ፈጠረ ሕይወት ምስሃበ ሽድሽተ መዓልቲ ሰሪሑ ኣብ ሻብዓይ መዓልቲ ግን ኣዕሪፉ። ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ብሸውዓተ መዓልቲ ጊዜ ይኸፍት እዚ ኸኣ ነቲ ሓዲስ ተፈጥሮ እዩ ዘውክል እዚ ነቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝተዋህበ ሓዲስ ሕይወት እዩ ዘምልከት። ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ዝብል ነቲ ኢየሱስ ድሕሪ ትንሣኤኡ ዝለበሶ ሓዲስ ሕይወት እዩ ዘመልክት፥ እዚ ኸኣ ኵላትና ክንሳተፈ ዝግብኣና ሓዲስ ሕይወት እዩ።

ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ክልተ መርዓ ይጥቀስ፥ ሓደ እዚ ኣብ ወንጌል ዮሓንስ እንረኽቦ እዩ፥ ዓቢ ኣገዳስነት ዘለዎ መርዓ እዩ ምኽንያቱ መጀመርያ ተኣምራት ዝገበረሉ ኣምላኽነቱ ዝገለጸሉ ስለ ዝኾነ። እቲ ካልኣይ ከኣ መርዓ ናይ እቲ ገንሸል እቲ ኣብ ጸሎተ ሓሙስ ዝተፈጸመ እዩ። እቲ መጀመርያ መርዓ ንወንጌል ዮሓንስ ይጅመሮ እቲ ካልኣይ ይዛዝሞ። እዚ ክልተ መርዓ ብሓባር ክንርእዮ ከሎና ነቲ ኣምላኽ ብኢየሱስ ክርስቶስ ብዓል ናዝሬት፥ እቲ ቅቡእ ኣባና ነቲ መንፈስ ኣምላኽ ከመሓላልፍ ዝመጽአ ዝገልጽ እዩ።

እንጌራ፥ ማይ፥ መርዓ ኣብ ሕይወት ደቂ ሰባት ፍሉጣት ነገራት እዮም። ኣብ ሕይወትና ኣብ ዓለምና ዓቢ ትርጉም ኣልኦም። ኣምላኽ ኣብ ልብናን ኣብ ነፍሳትናን ክኣቱ ከም መጋበር ክጥቀመሎም እንከሎ ብሃንደበት ዝኾነ ነገር ኣይኮነን። ኣምላኽ በቲ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና እንጥቀመሉ ገሩ ነቲ ልዕሊ ባህርና ዝኾነ ነገራት ይገልጸልና። ኣብ ኩሎም ምስጢራት በቲ ግዙፍ ነገራት ነቲ ዝዓበየ ጸጋ ይዕድሉና። እቲ ግዙፍ ነገራት ነቲ ውሽጣዊ መንፈስ ኣምላኽ ከም እንቕበል ይገብሩና። ጥምቀት ምስ ተወለድና ንቕበሎ፥ ሜሮን ነቲ ብጥምቀት ዝተቐበልናዮ ከም ማሕተም ኣብ ሕይወትና ሓቲሙ ብመንፈስ እኹላት ኣባላት ክርስቶስ ይገብረና፥ ንርእስና ህያብ ክንከውን ምስ ካልኦት ክንሓብር ኣብ ቅ. ቊርባን ንረኽቦ። ሕድገት ኃጢኣት ዓቢ ክፍሊ ሕይወትና እዩ፥ ኣምላኽ ብሕድገት ኣባና ይመጽእ ንሕና ንኻልኦት ክንሓድገሎም ምሒርና ምእንቲ ክንክእል ምስጢረ ንስሓ ተሰሪዑልና። ንርእስና ምእንቲ ካልኦት ክነወፊ ኣብ ክህነትን ኣብ ቃል ኪዳንን ንቕበሎ። መጽሓፈ ቀንዲል ኣብ ጊዜ ሕማምናን ስቓይናን ህላዌ ኣምላኽ ምሳና ከም ዘሎ ይገልጸልና።

## ንኢየሱስ ዓዲምካ ምኽኣል፡

ሰብ ቃና ዘገሊላ ንኢየሱስን ኣዲኡን ኣርድእቱን ዓዲሞም፥ ዕዱማት ዕድሚኦም ኣኽቢሮም መጺኦም። ሓደ ሰብ ክዕድም እንከሎ ነቲ ዝዕድሞ ስለ ዘኽብሮ ዘፍቅሮ ኣብቲ ሓጎሱ ክካፈል ከምኡ ምስኡ ክሕጎስ እዩ፥ ምዕዳም ከስ ፍቕሪ እዩ መሰረቱ ፍቕሪ እንተሎ ኩሉ ኣሎ፥ ዘይነፍቅሮ ኣይንዕድሞን ኢና ወይ ከኣ ምስኡ ሌላ ዘይብልና ዘይንፈልጦ ዳርጋ ኣይንዕድሞን ኢና። እዞም ሰብ ቃና ንኢየሱስ ይፈልጥዎ ነሮም ምሰዲኡ ምስ ሓዋርያቱ እዮም ዓዲሞሞ ግሩም መርዓ እዩ ነሩ እንተ ኾነ ኣብ መንጎ ዘሕፍር ገጢሙ ወይኒ/ስዋ ተወዲኡ ናይ ብሓቂ ከቢድ ነገር እዩ፥ ዮሓንስ ወንጌላዊ ነዚ ጸገም ኣቓዲማ ዝረኣየት ማርያም እያ፥ ወዳ መን ምዃኑ ትፈልጥ ስለ ዝነበረት ኣብኡ እያ ከይዳ። ወደይ ዓደምትና ይካፍኡ ኣለዉ ርዳእ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ ነዚ ጸገም ክተርሁ እትኽእል ኢላ ለሚናቶ። ኣብዚ እንርእዮ ማርያም ከም ኣደ ኢየሱስ ጥራሕ ዘይኮነ ከም ኣደ ቤተ ክርስትያን እውን ክትከውን ንርእያ፥ ጸገም ካልኦት ተለሲ ሽው

ናብቲ ከአል ኩሉ ዝኾና ወዳ ከይዳ ትልምን፥ እዚ እዩ ሓደ ካብቲ ብማርያም አቢልና አብ አምላኽ ክንከይድ ዝበለጸን ዝቐለልን ኢልና እንአምኖ።

**ኢየሱስ ልመና አዲኡ ይሰምዕ፡**

ኢየሱስ ልመና አዲኡ ወላ እኳ ግዜይ አይበጽሐን እንተ በላ ዝለመነቶ ገርዎ። ማርያም ልመንአ ከም ዝሰማዕ ትፈልጥ ስለ ዝነበረት ነቶም ኣሳሰይቲ ዝበለኩም ግበሩ ኢላቶም አብኡ ሽድሽተ አጋንእ ነበራ ይበል እዘን ሽድሽተ አጋንእ ከም ባህሊ አይሁድ ናይ ምንጻሕ ስርዓት ዝፍጹሙለን እየን ቅዲሚ ምምጋብን ድሕሪ ምምጋብን ዝነጽሑለን እየን። አብዚ ታሪኽ እዘን ሽድሽተ አጋንእ ንሕግን ሃይማኖታዊ ስርዓትን ብያኔ አብ ዕብራውያን እዩ ዝውክል። ሽድሽተ ካብቲ ምሉእ ቍጽሪ ሸውዓት ጎደሎ እየን። ሽዑ ነተን አጋንእ ማይ ምልእወን ኢሉ ነቲ ማይ ናብ ወይኒ ለወጠሎም በዚ መን ምዃኑ ገለጸ ይብለና። ኢየሱስ ንማይ ናብ ወይኒ ክልውጥ እንከሎ አምሳል ሓዲስ ኪዳን እዩ፥ ሓዲስ ሕይወት ሓዲስ መገዲ ኢየሱስ እዩ ዘመልክት። ነቲ ስርዓተ ማይ ናይ ብሉይ ኪዳን ይትክእ። እተን አጋንእ ነፍስወከፈን ካብ 20 ክሳብ 30 ጋሎን ዝሓዛ እየን ነርን ብሓበራ ክንርእዮ ከሎና 120-180 ጋሎን ወይኒ ሒዘን ነረን ማለት እዩ። እዚ ዘመልክቶ ናይ አምላኽ ሓልዮትን ፍቕርን ከምኡ አብ ሕይወትና ክንረኽቦ ዝደልዮ እዩ ዘርኢ። አምላኽ ኩሉ ጊዜ ሓዲስ ሕይወት እሞ ብምልኡ ክንረክብ እዩ ዝደልየና።

እዚ ኹሉ አብ መዓልቲ መርዓ እዩ ተፈጺሙ። አብ መርዓ ከምኡ አብ ብዙሕ ውራያት ብሓንሳብ ኮፍ ኢልና ንምገብ። አብ ቅዱስ መጽሓፍ ምስ አምላኽ ዘሎና ሕይወት ምስ ኢየሱስ ዘሎና ብአምሳል መአዲ ይግለጽ። እዚ እዋን ናይ ምንጻግ ጊዜ ወይ ጊዜ መስዋዕቲ አይኮነን ናይ ብሓንሳብ ምሕጓስ እዩ። አርድእቲ መርዓዊ ምስኦም እንከሎ ከመይ ኢሎም ይጾሙ።

ናይ ቃና መርዓ እምብአር ነቲ ሰንበት ሰንበት አብ መአድ መስዋዕቲ ቅዳሴ ብሓባር ከቢብና ካብ ሥጋኡን ደሙን ክንበልዕ እንከሎና እንፍጽሞ እዩ ዘዘኻኽረና። መስዋዕተ ቅዳሴ ክነዕርግ እንከሎና ብዓል ኢና እንገብር ዘሎና። ሓደ ቅዳሴ ነዊሕኒ ወይ ምስአስ እዩ ዝውዳእ ኢሉ ክሓስብ እንተጀመረ ገለ ጸገም ገሩ አሎ ማለት እዩ። ቅዳሴ ከም ግብኡ ክንፍጽም ወይ ከአ ከም መስዋዕቲ እነቕርብ ጥራሕ ገርና ክንርእዮ ከሎና ትርጉሙ ንህቦ የለናን ወይ አይተረድአናና ማለት እዩ። መስዋዕቲ ቅዳሴ ክነዕርግ እንከሎና ካብ ኩሉ ፍሉይ ዝገብሮ ነቲ አምላኽ ብኢየሱስ ክርስቶስ አቢሉ ኩሉ ዝገበረልና ብሕይወቱ፥ ብትምህርቱ፥ ብመስዋዕቱ፥ ሞቱን ትንሣኤኡን፥ ኩሉ እቲ አምላክ አባና ዘርአዮ ፍቕሪ ኢና እነብዕል።

ቅ. ጳውሎስ አብ 1ቆሮ 12፡4-11 ዘሎ እንተ አንበብና ነቲ ኩሉ አምላኽ ንነፍሲ ወከፍና ዝሃበና ዝተፈላለየ ህያባት ክንዝክር ይነግረና። ዝተወሃብናዮ ህያባት ንርእስና ጥራሕ ክንጥቀመሉ አይኮነን ተዋሂቡና። እዚ ህያባት መጋበሪ ክእለት ነታ ዝዓበየት ማሕበር ክነገልግል በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ልዕሊ ኩሉ አብ ፍቕሪ፥ ፍትሒ፥ ነጻነትን ሰላም ዝተሃንጸ ሕብረተሰብ ክንፈጥር ተራና ክንጻወት የድሊ። ሃነጽቲ ማሕበር ነፍስወከፍና ኢና።

አብዚ እዋን ብዙሕ ክነብዕሎ ዝግብአና አሎ ብዙሓት አብ ሕይወትና ከምሰብ ዝሓገዙና ዝሃነጹና በቲ ዝተዋህቦም ህያባት ጽቡቕ ዝገበሩልና ክንዝክር ይግብአና። አብጽንኩር እዋን ክእለቶም ዓቕሞም ዘበርከቱ ክንዝክሮም ይግባእ። መጠን ነፍሲወከፍና ነቲ እንገብሮ ክንርኢ እንተ ኽኣልና መጠኑ ነቲ አብ መስዋዕተ ቅዳሴ አብ ምብዓል እንገብሮ ወሳኒተራ አልኦ። ምናልባት ቅዳሴታትና ብዙሕ ዘደንቕ ዘሕጉስ አይከውንን ይኸውን ምኽንያቱ ብሓቂ ክንርእዮ እንተ ኾና ነቲ ዝተዋህበና ህያባት ከምቲ ዝድለ አብ ነነድሕድና አይንጥቐመሉን አሎና ማለት እዩ። ስለዚ ነፍስወከፍና ርኢና ክንክእል አሎና ማለት እዩ።

**ተአምራት ቃና ዘገሊላ ነዚ ዝስዕብ ክነስተንትን ይሕግዘና፡**

- ክንባረኽ ክንሕጎስ ንኢየሱስ ዓዲምና ክንክእል ኣሎና፥ ኢየሱስ ኣብዘሎናዮ መጺኡ ክቕይረና ክሕድሰና ኩሉ ጊዜ ፍቓዱ እዩ። ንሱ ባዕሉ ኣነ ዝመጻእኩ ንስኻትኩም ሕይወት ክህልወኩም እዩ ሕይወት ብምልኡ ኢሉና። ንኢየሱስ ምዕዳም ነጻነት ሓጎስ ምስትምቓር እዩ፥ ሓዲስ ሕይወት ምልባስ እዩ፥ ሓዲስ ሰላም፥ ሓዲስ ርክብ ምስ ሰባት ምርካብ እዩ።

- ማርያም ኣማላዲትና እያ፥ ኣብቲ መርዓ ብዙሓት ዓበይቲ ዓድን ፈተውትን ነሮም እዮም እንተኾነ ከም ማርያም ገሩ ዓቢ ተራ ዝተጻወተ የለን። ንወዳ መጀምርያ ተኣምራቱ ከም ዝገብር ገራቶ፥ ንሱ ኸኣ ሰሚዕዋ። ማርያም ክትልምነልና እንከላ ድላይና ክንረክብ ንኽእል። ንማርያም መንጎኛ ክንገብራ እንከሎና ሓዲስ ለውጢ ተኣምራት ይኸውን። ንኢየሱስ ብማርያም ንለምኖ።

- ኢየሱስ ዝበሎ ምግባር፡ ምልማን ጥራሕ ወይ እውን ተኣምራት ክገብረልና ጥራሕ ኣይኮናን ክንጽበ ዘሎና ንሱ ዝደልዮን ዝበሎን ክንገብር ኣሎና። ሎሚ ኣምላኽ እንታይ ክገብር ይደልየኒ ኢልና ንሕልናና ጽን ክንብል እንተ ኸኣልና ክንፈልጦ ኢና። ምናልባት ንሰባት እቕረ ክንብል፥ ወይ ክንምሕር ክንዕረቕ፥ ንሕማቕ ኣመል እንተሎና ክንሓድግ፥ ብሓጺሩ ካብ ኣምላኽ ዓጊቱና ንዘሎ ኣለሊና ክንቕይር የድልየና ኣሎ ሽው ኣባና ተኣምራት ክፍጸም እዩ። ማርያም ሎሚ እውን ወደይ ዝበለኩም ግበሩ ትብለና ኣላ።

- ኣምላኽ ንዝገበረልና ርኢና እንተ ኸኣልና ክንኣምን ጸገም የብልናን። ሰብ መርዓ ከምኡ ሓዋርያት ነቲ ዝኾነ ክርእዩ ስለ ዝኽኣሉ ኣመኑ። ኣብ ሕይወትና ብዙሕ ተኣምራታት ተገሩ እዩ ግን ብዙሓት ኣይንርእዮን ወይ እውን ንግዚኡ ተሓጒስና ንርስዖ ስለዚ ነቲ ኣምላኽ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝገበርልና ርኢና ኣብኡ ንእመን።

ሓዋርያት ነዚ ማይ ኣብ ወይኒ ዝለወጦ ተኣምራት ምስ ረአዩ ኣሚኖም ይብል ወንጌል እዚ ኸኣ መጀምርያ ምእማን እዩ። ስለምንታይ ኣሚኖም እንተ በልና ኣብቲ መርዓ ናይ ኣምላኽ ዝልውጥ ዝቕይር ፍቕሪ ክረኽቡ ክኢሎም። ናይ ፍቕሪ ቀያሪ ሓይሊ ንዝኾነ ነገርን ንዝኾነ ኩነትን ክቕይር ይኽእል እዩ። ንፍቕሪ መልሲ ክንህብ እንተ ጀመርና እሞ ኣብ ልብና ክኣቱ እንተ ኣፍቀድና ዝተሓደሱ ዝተለወጡ ሰባት ኢና እንኸውን። ኣብ ዓለም ፍቕሪ ኣምላኽ ክንርሕርሕ እንተ ኣፍቅድናሉ እዛ እንነብረላ ዓለም መተቐየረት፥ መተሓደሰት።

ቀዳማይ ውጽኢት ፍቕሪ ካብቲ ዝነበርካዮ ሓዲስ ምኳን ምቕያር እዩ። ፍቕሪ ኣምላኽ እንተ ሎና ክንቕየር ግድነት እዩ። ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝኣቶ ሰብ ሓዲስ ሰብ ስለ ዝኸውን ሕይወቱ ታቦት ኣምላኽ እዩ ዝብሃል። ኣብ ሕይወትና ክንቕየር እንተ ደሊና ዕለት ዕለት ፍቕሩ ክነስተማቕር ኣብኡ ክነብር ኣሎና።

ኣምላኽ ስለ ዘፍቀረና ከማና ኮይኑ ኣብቲ ናትና ባህሪ ኣትዩ ከምኡ ንሕና ክነፍቅሮ ፍቓደኛታት እንተ ኾና ክንቕየር ግድን እዩ። ክንቕይር ዘይንደሊ ግን ነፍቅሮ ኢና ንብል እንተ ኾና ንኣምላኽ ነፍቅሮ የለናን ማለት እዩ ስለዚ ክንቕየር ፍቓደኛታት ንኹን። ንማይ ኣብ ወይኒ ዝለወጠ ኣምላኽ ሎሚ ንነፍስወከፍና ክልውጠና ይደሊ ኣሎ እሽታናን ድለትናን ጥራሕ ንግለጸሉ።

ኦ ማርያም ኣደና ንሰብ ቃና ነቲ ጽንኩር ዘሕፍር ነገር ኣብ መርዕኦም ዝገጠሞም እሞ ዝፈታሕክሎም ኣብ ሕይወትና ከቢድና ንዘሎ ዘይክኣል ኮይኑ ጸልማት ከዲኑና ዘሎ ክንቕይር ንወድኺ ለምንልና። ብግልናን ብሓባርን ንድላይ ወድኺ ክንሰምዕ ኣብ ሕይወትና ፍቕሪ ኣምላኽ ክግለጽ ኣብ ጎንና ኮንኪ ምርሕና ሓግዝና። ንማይ ኣብ ወይኒ ዝቐየረ ወድኺ ሎሚ እውን ሕይወትና ክንቕይር ሓደስቲ ፍጥረት ኮና እሙናት ኣርድእቱ ክንከውን ክሕግዘና ለምንልና ንበላ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ